<u>ሕክምና ጸረ ሱር ዝሰደድ ህዋስ ኤች.ኣይ.ቪ.</u>

ሕክምና ኤች.ኣይ.ቪ. ኣገዳሲ ዝኾነ ምምሕያሽ የርኢ ኣሎ። እዚ ሕማም እዚ ኣብ 1980ታት ኣብ ዝጀመረሉ ሕሙማት ኤይድስ ውሑድ ኣማራጺ ነይርዎም። ክሳብ ሕጂ ንኤይድስ ዝኸውን ፍወሳ እኳ እንተ ዘየለ፣ ህሉው ሕክምናዊ ክንክን በዚ ቫይረስ ዝስዕብ ሕማምን ሞትን ብምግታእ ሕሙማት ጥዑያት ኰይኖም ንክነብሩን ዕምሮም ንክናዋሕን ሓጊዙ ኢዩ።

ኣብዚ እዋን ክርከቡ ዝኽእሉ መድሃኒታት፣ ንኤች.ኣይ.ቪ. ወይ ኤይድስ ክፍውሱ ኣይክእሉን ኢዮም። ግና ክሳብ ክርአ ዘይክእለሉ ደረጃ ነዚ ቫይረስ ክጸቅጥዎ ይኽእሉ። ፈጺሞም ካብ ኣካላት ከጥፍእዎ ግና ኣይከኣሉን። ስለዚ ከኣ ሕሙማት ጸረ እዚ ቫይረስ ዝኾኑ መድሃኒታት ክወስዱ ኣድላዩ ኢዩ።

እዞም ጸረ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝኾኑ መድሃኒታት ከምኡ እውን ጸረ ቫይረስ መድሃኒታት ዝብሃሉ፣ ንምብዛሕ እዚ ቫይረስ ንምግታእ ጣልቃ ብምእታው ዝሰርሑ ኢዮም (እግረ ጽሑፍ 1 ተመልከት/ቲ)። ኤች.ኣይ.ቪ. ሪትሮቫይረስ ኢዩ ዝብሃል። ምኽንታቱ መበቆላውነቱ ካብቲ ብRNA ዝፍለጥ ካብቲ ሰባት ተፈጥሮኣዊ ነገራት ዝወርስሉ DNA ስለ ዝምንጩ ኢዩ። ዝቀለለ መረዳእታ ዑደት ሂወት ኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስ ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ ስእልን መግለጽን ምምልካት ዝበለጸ ኢዩ።

- ትርጉም ኣብዚ ስእሊ ዘሎ መረዳእታ ቀጺሉ ኣብ ታሕቲ ካብ 1 ክሳብ 5 ተዘርዚሩ ኣሎ።




Source: Smith Lab Page, 2007 [2]

1) ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ ወሃዮታት ስርዓተ ምክልኻል ሕማማት ኣትዩ ብምትእስሳር ናቱ RNA ይነጽግ
2) ኣብ መስርሕ ምቅይያር ንኤች.ኣይ.ቪ. RNA ናብ ኤች.ኣይ.ቪ. DNA ይልወጥ
3) ቫይረስ DNA ናብ ማእከል ቤት ወሃዮ ኣትዩ ምስቲ ብDNA ክሮሞሶም ዝፍለጥ ወሃዮ ይወሃሃድ
4) ሽዑ ኤች.ኣይ.ቪ. RNA ይፍጠር እሞ መስርሕ ምብዛሕን ምውህሃድን ይቕጽል
5) እቲ ሓዲሽ ዝተፈጥረ ኤች.ኣይ.ቪ. ካብቲ ዝነበሮ ወሃዮ ወጺኡ ንካልኦት ወሃዮታት ከጥቅዕ ድሉው ይኸውን

<u>ዓይነታት ክንክን ጸረ ኤች.ኣይ.ቪ. ህዋስ</u>

ጸረ ቫይረስ መድሃኒታት ኣብ ሰለስተ ቀንዲ ምድባት ከፋፊልካ ክርአ ይከኣል (እግረ ጽሑፍ 3 ተመልከት/ቲ)።

1. ብሪቨርስ ትራንስክሪፕታስ (RT) ዝፍለጡ ተኸላኸልቲ

ኣብ ዑደት ሂወት ኤች.ኣይ.ቪ. ጣልቃ ኣትዮም ንክዓግትዎ ወይ ክከላኸልዎ ኣገዳሲ ስጉሚ ዝኾኑ ብRT ዝፍለጡ መድሃኒታት ሪቨርስ ትራንስክሪፕሺን ወይ ብግልባጡ ዝቀድሑ መድሃኒታት ይብሃሉ። እዚ ስጉሚ እዚ፣ እቲ ብRNA ዝፍለጥ ቫይረስ ናብ DNA ዝልወጠሉን እዚ ቫይረስ ንምግልባጥ ወይ ምልዋጥ ዝውሰደሉን ኣገዳሲ ህሞት ኢዩ። እዚ ስጉምቲ እዚ ንምውሳድ ህልውና እቲ ብሪቨርስ ትራንስክሪፕታስ ዝፍለጥ ነፍሳዊ ቅመም ወይ ኤንዛይም ኣድላዪ ኢዩ። ክልተ ቀንዲ ዓይነታት RT መከላኸሊ ኣለዉ።

- ኒክሎሳይድ/ኒክሎታይድ RT ተኸላኸልቲ (NRTI)

  ድኹመቶም ገዲፍካ እዚኣቶም እውን ምስ እቶም DNA ዝሃንጹ ባእታታት ዝመሳሰሉ ኢዮም። ኣብ መስርሕ ምልዋጥ RNA ናብ DNA፣ እዚ ቫይረስ ደልዲሉ ንክህነጽ ዝሕግዝዎ ባእታታት ብምዕጋት ኤች.ኣይ.ቪ. DNA ፈጺሙ ብምልኣት ከይዓብን ከይባዝሕን ይሕግዙ።

  ኣብ 1987፡ ንፈለማ ኣብ መዓላ ክውዕል ዝተኣምነሉ እቲ ብAZT ዝፍለጥ ጸረ እዚ ቫይረስ መድሃኒት እቲ። እቲ ዝገርም ብመሰረቱ ንሕክምና መንሽሮ ዝተማህዘ ኢዩ ነይሩ። ብዝተገብረ መርመራ ግና ዝለዓለ ጎድናዊ ሳዕቤናት ስለ ዝነበሮ ዕዉት ኣይነበረን። ኣብዚ እዋን ብFDA ዝተኣመነሎም 13 ብNRTI ዝፍለጡ ነዚ ቫይረስ ዝጻብኡ መድሃኒታት ኣለዉ። ኣገልግሎቶም ድማ ተመሳሳሊ ኢዩ። ሓፈሻዊ ኣስማቶም፡ ሕላገቶም ቀመምቶም ትካላትን ኣብ ዝስዕብ ሰሌዳ 1 ኣሎ።

  - ሳይንሳዊ ኣስማት ብምኺኑ ቀጥታዊ ደኣምበር ካልኣዊ ትርጉም ክትረኽበሎም ኣጸጋሚ ስለ ዝኾነ ከምዘለዎ ክንበብ ይምረጽ።

| Table 1. Current FDA-approved Nucleoside/nucleotide RT inhibitors (NRTI) drugs[(4)] | | |
|---|---|---|
| **Brand Name** | **Generic Name(s)** | **Manufacturer** |
| ◦ **Retrovir** | azidothymidine (AZT); zidovudine (ZDV) | **GlaxoSmithKline** |
| ◦ **Videx** | didanosine (ddI) | **Bristol Myers-Squibb** |
| ◦ **Videx EC** | enteric coated didanosine (ddI EC) | **Bristol Myers-Squibb** |
| ◦ **Hivid** | zalcitabine; dideoxycytidine (ddC) | **Hoffmann-La Roche** |
| ◦ **Zerit** | stavudine (d4T) | **Bristol Myers-Squibb** |
| ◦ **Epivir** | lamivudine (3TC) | **GlaxoSmithKline** |
| ◦ **Combivir** | lamivudine + zidovudine | **GlaxoSmithKline** |
| ◦ **Ziagen** | abacavir sulfate, ABC | **GlaxoSmithKline** |
| ◦ **Trizivir** | abacavir + zidovudine + lamivudine | **GlaxoSmithKline** |
| ◦ **Viread** | tenofovir disoproxil fumarate (TDF) | **Gilead** |
| ◦ **Emtriva** | emtricitabine (FTC) | **Gilead Sciences** |
| ◦ **Epzicom** | abacavir + lamivudine | **GlaxoSmithKline** |
| ◦ **Truvada** | **tenofovir disoproxil fumarate + emtricitabine** | **Gilead Sciences, Inc.** |

- **ኒክሎሳይድ/ኒክሎታይድ** RT **ዘይኮኑ ተኸላኸልቲ** (NNRTI)

**ኒክሎሳይድ/ኒክሎታይድ** RT **ዘይኮኑ ተኸላኸልቲ** (NNRTI) **እዚ ቫይረስ መድሃኒታት ድማ ምስቲ ብሪቨርስ ትራንስክሪፕታስ ዝፍለጥ ነፍሳዊ ቅመም ወይ ኤንዛይም ብምውህሃድ እዚ ቫይረስ ንRNA ናብ** DNA **ከይልውጦ ይዓግቶ።**

**ቫይራሚን ኣብ** 1996 **ቅቡል መድሃኒት ኰይኑ። ናይ ፈለማ** NNRTI **ማለት ኢዩ። ኣብዚ እዋን ብ**FDA **ዝጸደቁ** 3 **ዓይነት** NNRTI **መድሃኒታት ኣለዉ። ኣብዚ ዝስዕብ ሰሌዳ** 2 **ተመልከት።**

| Table 2. Current FDA-approved Non-nucleoside RT inhibitors (NNRTI) drugs[(4)] | | |
|---|---|---|
| **Brand Name** | **Generic Name(s)** | **Manufacturer** |
| ◦ **Rescriptor** | delavirdine, DLV | **Pfizer** |
| ◦ **Sustiva** | efavirenz, EFV | **Bristol Myers-Squibb** |
| ◦ **Viramune** | **nevirapine, NVP** | **Boehringer Ingelheim** |

2. **ብፕሮተስ ኢንሂቢቶርስ ዝፍለጡ ተኸላኸልቲ** (PI)

**ካብ ሪቨርስ ትራንስክሪፕታስ ፍልይ ዝበለ ኤች.ኣይ.ቪ. ሓደስቲ ህዋሳት ንምውህሃድ ዝጥቀመሉ ነፍሳዊ ቅመም ወይ ኤንዛይም ፕሮተስ ኢዩ። እቲ ኣካላት ንምህናጽ ዝዓዩ**

ፕሮቲን ኣብ ንጥፈታት ፕሮተስ ጣልቃ ብምእታው ተጻቦ ይፈጥር። ኢንቪራስ እቲ ንፈለማ ኣብ 1995 ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ፕሮተስ ኢዩ። ኣብዚ እዋን ድማ ብFDA ዝጸደቁ 11 ፕሮተስ ኢንሂቢቶርስ ወይ ተኸላኸልቲ ኤች.ኣይ.ቪ ኣለዉ። መቦቆላዊ ኣስማቶም፡ ምልክቶምን ዝቅምሞም ኣካልን ንምፍላጥ ኣብ ሰሌዳ 3 ተመልከት።

| Table 3. Current FDA-approved Protease Inhibitors[4] | | |
|---|---|---|
| **Brand Name** | **Generic Name(s)** | **Manufacturer** |
| ◦ **Agenerase** | amprenavir, APV | **GlaxoSmithKline** |
| ◦ **Aptivus** | tipranavir, TPV | **Boehringer Ingelheim** |
| ◦ **Crixivan** | indinavir, IDV, | **Merck** |
| ◦ **Fortovase** | saquinavir (no longer marketed) | **Hoffmann-La Roche** |
| ◦ **Invirase** | saquinavir mesylate, SQV | **Hoffmann-La Roche** |
| ◦ **Kaletra** | lopinavir and ritonavir, LPV/RTV | **Abbott Laboratories** |
| ◦ **Lexiva** | Fosamprenavir Calcium, FOS-APV | **GlaxoSmithKline** |
| ◦ **Norvir** | ritonavir, RTV | **Abbott Laboratories** |
| ◦ **Prezista** | Darunavir | **Tibotec, Inc.** |
| ◦ **Reyataz** | atazanavir sulfate, ATV | **Bristol-Myers Squibb** |
| **Viracept** | **nelfinavir mesylate, NFV** | **Agouron Pharmaceuticals** |

3. ዝተወሃሃዱ ተኸላኸልቲ (እግረ ጽሑፍ 6 ተመልከት/ቲ)

ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ ወሃዮታት ኣካልት ሰብ ብምእታው ንወሃዮታት ዝወርርን ዘጥቅዕን ኢዩ። እዚ ቫይረስ ኣብ ወሃዮ ኣካላት ክሰርጽ ዝድርኽ እቲ ብቫይራል ፕሮቲን ወይ GP41 ዝፍለጥ ኢዩ። እዞም ዝተወሃሃዱ ተኸላኸልቲ ድማ ንGP41 ብምጥርናፍ እዚ ቫይረስ ገበር ውሃዮታት ደፊኡ ኣትዩ ከየጥቅዮም ይዓዩን ይከላኸሉን። እቲ ኣብ 2003 ብFDA ቅቡል ዝኾነን ኣብዚ እዋን እንኮ ውሁድ መከላኸሊ ፉዚዮን ይብሃል። ሕላገቱ፡ መቦቆላዊ ስሙን ቀማሚ ኣካልን ንምፍልጥ ኣብ ሰሌዳ 4 ተመልከት።

| Table 4. Current FDA-approved Fusion Inhibitors[4] | | |
|---|---|---|
| **Brand Name** | Generic Name(s) | **Manufacturer** |
| ◦ **Fuzeon** | **enfuvirtide, T-20** | **Hoffmann-La Roche & Trimeris** |

<u>ብዝለዓለ ንጥፈት ዝዋስኡ ኣንቲሪትሮቫይራል መድሃኒታት (HAART)</u>

ኣጋጣሚ ኰይኑ ጸረ እዚ ቫይረስ ዝኾኑ መድሃኒታት ዓቅሞም ድሩት ኢዩ። ኤች.ኣይ.ቪ ክባዛሕ ከሎ ብዙሕ ጌጋታት ይፍጽም ኢዩ። ስለዚ ከኣ ኢዩ ዝተፈላለዩ ቅዳሓት ዝፈጥር። ወይ እውን ዓቅሙ ብምድልዳል ንዝጻብእዎ መድሃኒታት ክከላኸል ዝጽዕር።

ሓደ ኣንቲሪትሮቫይራል መድሃኒት ንነዊሕ ግዜ ውጽኢታዊ ክኸውን፣ ምውህሃድ ዝተፈላለዩ መድሃኒታት ዝሓሸ ኰይኑ ተረኺቡ ኣሎ። ብምውህሃድ መድሃኒታት ዝግበር ፍወሳ ኤች.ኣይ.ቪ ዘለዎ ናይ ምጽዋር ዓቅሚ ብዓቢኡ ዘጓድል ኢዩ።

ልዑል ንጥፈት ምክልኻል ማለት ንስልቲ እቲ ሰለስተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ኣንቲሪትሮቫይራል መድሃኒታት ብምውህሃድ ዝግበር ምክልኻል ዘመልክት ኢዩ። እቲ ምውህሃድ መድሃኒት ብውሕዱ መድሃኒታት ክልተ ክፍልታት ዘጠቓልል ኢዩ (እግረ ጽሑፍ 3 ተመልከት/ቲ)። ዝተወሃሃዱ መድሃኒታት ብኣገባብ ምጥቃም ኣብ ክንክን ኤች.ኣይ.ቪ ውጽኢታዊ ኰይኑ ኣሎ። ኣብቲ ቫይረስ ጸቅጢ ብምግባር እቶም ነዚ ዕድል ተጠቂሞም ዝኽሰቱን ዝስስኑን ካልኦት ሕማማት የቃልል ኢዩ።

ዋላ እኳ ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ዝስዕብ ሞት በዞም ልዑል ንጥፈት ምክልኻል ዘርእዩ ዝተወሃሃዱ መድሃኒታት ዝለዓለ ምጉዳል ምርኣዩ ግንዙብ እንተ ኾነ፣ ካብ 4 ክሳብ 12 ዓመት ዕምሪ ናይ ምንዋሕ ተኽእሎ ክህልዎ ይሕሰብ ነይሩ። ይኹን እምበር እዚ ስልቲ እዚ ምሉእ ብምሉእ ነዚ ቫይረስ ክስዕሮ ኣይከኣለን። ገና እውን ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ ይቕጽል ኣሎ። ኣድህቦን ድፍኢትን ኣብ ገለ ኣንቲሪትሮቫይራል (ARV) ወይ ብልዑል ንጥፈት ዝከላኸሉ መድሃኒታት (HAART) ክኸውን እቲ ዝበለጸ መንገዲ ምቁጽጻር ቀጻላታት ኤች.ኣይ.ቪ ኢዩ።

## ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣንቲሪትሮቫይራል (ARV) ክንክን

መብዛሕትኦም እዚ መድሃኒታት እዚ ዝወስዱ ሰባት ገለ ጎድናዊ ሳዕቤናት የጋጥሞም ኢዩ። ቀለልቲ ሕማማት ከም ድኻምን ሕማም ርእስን፣ ሓደ ሓደ ግዜ እውን ከም ድኻም ልቢ ዝኣመሰሉ ጽንኩራት ሕማማት ክስዕቡ ይኽእሉ ኢዮም (እግረ ጽሑፍ 8, 9 ተመልከት/ቲ)። መብዛሕትኡ ግዜ፡ መእዘዝቲ መድሃኒታት ARV ምኽሪ ዝሓዘ ምልክት ጸሊም ሳንዱቕ ኣለዎም (እግረ ጽሑፍ 10, 11 ተመልከት/ቲ)። ሓደ ሓደ ግዜ ጸሊም ምልክት መጠንቀቕታ ይብሃል። እዚ ከኣ እቲ መድሃኒት ሓደገኛ ጎድናዊ ሳዕቤን ከም ዘለዎን ወይ ንሂወት እውን ኣስጋኢ ምዃኑን ንምሕባር ኢዩ። ብርግጽ እቶም ዝኽሰቱ ጎድናዊ ሳዕቤናት ካብ ሓደ ሕሙም ናብ ካልእ ይፈላለዩ ኢዮም። እቲ ሳዕቤን ኣብቲ እቲ መድሃኒት ክሳብ ክንደይ ኣብ ኣካላት እቲ ሕሙም ይሰርጽ፡ ይወሃሃድን ይሰራጮን ዝተመርኰሰ ኢዩ። ብዙሕ ዓቐን መድሃኒታት ምውሳድ ግና ንባዕሉ ናብ ብዙሓት ጎድናዊ ሳዕቤናት ዘምርሕ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

## ሓደስቲ ሕክምናታት

ሓደስቲ ኣንቲሪትሮቫይራል መድሃኒታት ኣብቲ ዝተፈላለየ ደረጃታት ምዕባለ ዑደት ሂወት ኤች.ኣይ.ቪ ዘተኰሩ ኢዮም።

ሀ. ኣትዮም ዝከላኸሉ

ከም እዚኦም ዓይነት መድሃኒታት ኤች.ኣይ.ቪ ናብ እቶም ዕላማ ዝኾኑ ወሃዮታት ከይኣቱ ዝከላኸሉ ኢዮም። እቲ ምትእትታው ናብቲ ወሃዮ ብመንገዲ እቲ ኣብ ከባቢ ዕላማ ዝኾነ

ወሃዮ ዝርከብ እቲ ዝነኣሰ ኣሃዱ ወሃዮ ሞለክዩል ኢዩ ዝቀላጠፍ። እዚ ንባዕሉ ተቀባሊ ኢዩ። እቲ ሓደ ዓይነት ካልኣዊ ተቀባሊ ብCCR (እግረ ጽሑፍ 12 ተመልከት/ቲ) ይፍለጥ። ኣብ መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣዝዩ ኣገዳሲ ባእታ ምዃኑ ስኑድ ኢዩ። ኤች.ኣይ.ቪ. ሓንሳብ ብCCR5 ተቀባልነት ምስ ረኸበ ብመንገዲ ካልኣዊ ተቀባሊ ኣቢሉ ምስ እቲ ወሃዮ ይተኣሳሰር። ድሕሪኡ ቀጸላ ወሃዮ በሲዑ ናብቲ ወሃዮ ክኣቱ ጸገም የብሉን።

ብዝሕ ዝበሉ ኣብ ፈተነ ዘለዉ ሓደስቲ መድሃኒታት ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ መስርሕ ምውህሃድ ኤች.ኣይ.ቪ.ን CCR5ን ጣልቃ ኣትዮም ንከድምዑ ዝተሃንደሱ ኢዮም። ኣብዚ ዝስዕብ ሰሌዳ ተመልከት/ቲ።

| Experimental drug | Manufacturer |
|---|---|
| ◦ PRO140 | Progenics |
| ◦ Vicriviroc | Schering Plough |
| ◦ Aplaviroc | GlaxoSmithKline |
| ◦ Maraviroc | Pfizer |

ኤች.ኣይ.ቪ. ንወሃዮታት ክብክል ኣገዳሲ ካልኣዊ ተቀባሊ ባእታ CCR5 ኢዩ። ካልኦት እውን ኣለዉ። ካልኦት ኣብ ፈተነ ዘለዉ መድሃኒታት ድማ ናብቲ ምውህሃድ እቲ ብCXCR4 ዝፍለጥ ካልኣዊ ተቀባልን ኤች.ኣይ.ቪ.ን ዝዓለመ ኢዩ።

| Experimental drug | Manufacturer |
|---|---|
| ◦ AMD-070 | Genzyme Corporation |
| ◦ TNX-355 | Tanox Biosystem |
| ◦ BMS-488043 | Bristol-Myers Squibb |

ለ. ኢንተግረስ ዝብሃል መከላኸሊ (እግረ ጽሑፍ 14 ተመልከት/ቲ)

ኣብዚ ክፍሊ እዚ ዝምደብ ጸረ እዚ ቫይረስ ዝኾነ መከላኸሊ ናብቲ ብኢንተግረስ ዝፍለጥ ነፍሳዊ ቅመም ኤች.ኣይ.ቪ. ዝቀንዐ ኢዩ። ኣብ ዑደት ሂወት ኤች.ኣይ.ቪ. እቲ ሪቨርስ ትራንስክሪፕታስ ነፍሳዊ ቅመም ነቲ ዝተዓግተ እንኮ ህዋሳዊ RNA ናብ DNA ምስ ቀየሮ፣ DNA ኣብቲ ዝተለኸፈ ወሃዮ ኣትዩ ይወሃሃድ። ንሱ ከኣ ኣብቶም ብCD4 ዝፍለጡ ወሃዮታት ኣካላት ሰብ ማለት ኢዩ። እዚ ከኣ ብምትሕግጋዝ ኢንተግረስ ዝብሃል ነፍሳዊ ቅመም ወይ ኤንዛይም ይሳለጥ። ድሕር እዚ እቲ ዝተበከለ ወሃዮ ኤች.ኣይ.ቪ. ብብዝሒ ሓደስቲ ቅዳሓት ንክሰርሕ የኽእሎ ማለት ኢዩ። ኣብ ኢንተግረስ ጣልቃ ብምእታው፣ እቶም ብኢንተግረስ ዝፍለጡ ተኸላኸልቲ ነቲ መቦቆላዊ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝኾነ ነገር ብምክልኻል ኣብቲ ኣብ ዕላማ ዘሎ ወሃዮ ኣትዮም ከይባዝሑ ደው የብሎም ማለት ኢዩ።

ዋላ ሓደ ኢንተግረስ መከላኸሊ እኳ ዛጊት ብመንግስታዊ ደረጃ ተቀባልነት ኣይረኸበን። ይኹን እምበር እዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቂሶም ዘለዉ ክልተ ዓይነት ኣብ መስርሕ ፈተነ ኣለዉ።

| Experimental drug | Manufacturer |
|---|---|
| ◦ MK-0518 | Merck |
| ◦ GS-9137 | Gilead |

## ሐ. ማቹረሽን ዝብሃል መከላኸሊ (እግረ ጽሑፍ 9 ተመልከት/ቲ)

እቲ ናይ መወዳእታ ደረጃ ምዕባለ ኣብ ዑደት ሂወት ኤች.ኣይ.ቪ ማቹረሽን ይብሃል። እዚ ድማ እቲ ቫይረስ ኣጸቢቑ ዓብዩ ንወሃዮታት ምጥቃዕ ዝጅምረሉ ኢዩ። ነዚ ደረጃ ምዕባለ እዚ ዝከላኸሉ መድሃኒታት፣ ኤች.ኣይ.ቪ ብደምቢ ተጠራኒፉን ደልዲሉን ደግኣዊ መከላከሊ ካባ ከይሰርሕን ካብ ወሃዮታት ከይወጽእ ዝዓግቱ ኢዮም። ነዚ ዕብየት እዚ ምዕንቃጽ ዝግበር ሓዲሽ ኣገባብ ምክልኻል፣ ኤች. ኣይ.ቪ ከይባዛሕን ክግታእን ዝሕግዝ ኢዩ።

ኣብዚ እዋን ብFDA ዝተደገፉ ከምዚኦም ዓይነት መከላኸሊ መድሃኒታት ኣይርከቡን ኢዮም። ኣብ ፈተነ ዘሎ በዚ ስም ዝፍለጥ መከላኸሊ ስዒቡ ተጠቂሱ ኣሎ።

| Experimental drug | Manufacturer |
|---|---|
| ◦ PA-457 | Panacos |

PA-457 ወይ እውን በቪሪማት ተባሂሊ ተሰይሙ ዘሎ መከላኸሊ በቲ ነዚ መድሃኒት ዝቕምም ወይ ዝስንዕ ብፓናኮስ ዝፍለጥ ትካል ኢዩ (እግረ ጽሑፍ 15 ተመልከት/ቲ)። እዚ መድሃኒት እዚ ንመስርሕ ናይ መውዳእታ ዕቤትን ጉብዝናን ኤች.ኣይ.ቪ ዝሓጽር ኢዩ። ውጽኢቱ ድማ ነቶም ዝተበታተኑ ኣካላት እዚ ቫይረስ ብኣቃውመኦም ድኹማትን ኣብ ኣካላት ሰብ ንከስፋሕፍሑ ዓቅሚ ዘየብሎምን ንምግባር ኢዩ።

## መወከሲታት


(1) http://www.aidsinfo.nih.gov/ContentFiles/HIVandItsTreatment_cbrochure_en.pdf
(2) http://dbb.urmc.rochester.edu/labs/smith/research_3.htm
(3) http://www.niaid.nih.gov/factsheets/treat-hiv.htm
(4) http://www.fda.gov/oashi/aids/virals.html
(5) http://en.wikipedia.org/wiki/Protease_inhibitor_%28pharmacology%29
(6) http://www.hivandhepatitis.com/hiv_and_aids/hiv_treat.html
(7) http://en.wikipedia.org/wiki/HIV#Treatment
(8) http://www.aidsetc.org/aidsetc?page=et-03-00-03
(9) http://www.aidsetc.org/aidsetc?page=et-03-00-03
(10) http://hab.hrsa.gov/tools/HIVpocketguide/PktGDrugTables.htm
(11) Montessori et al. CMAJ, January 2004; 170(2) : 229 – 238
(12) http://en.wikipedia.org/wiki/CCR5
(13) http://www.hivandhepatitis.com/recent/experimental_drugs/docs/cxcr4.html
(14) http://en.wikipedia.org/wiki/Antiretroviral_drug
(15) http://www.panacos.com/product_4.htm